Tigrinya | ትግርኛ

ነሓሰ/መስከረም 2025

homes victoria

BIG HOUSING BUILD

# ኖርዝ ሜልበርን/ North Melbourne

ናይ ማሕበረሰብ እዋናዊ ሓበሬታ



**ኣብ እቲ ቦታ እንታይ እዩ ዝፍጸም ዘሎ**

### ንዝግዕዙ ተኻረይቲ ዝግበር ደገፍ

መብዛሕትኦም ተኻረይቲ ጊዜዞም ኣለው፣ ሆምስ ቪክቶርያ ከኣ ክሳዕ ሕጂ ነቶም ዝተረፉ ተኻረይቲ ይድግፎም ኣሎ።

### ምምሕያሻት ድሕንነት ባርዕ

ኣብ ጎደና 12 ሳተን ሓድሽ ናውትን ናሕስታት ገዛን።

### ዝያዳ ምፍላጥን ነገራት ድሕንነት ዘለዎም ምግባርን

ኣብ ጎደና 33 ኣልፍረድ ዘለዉ ባዶ ኣፓርታማታት ምምርማርን ምዕቃብን።

# ኣብ መረባ ጎደና ፓምፓስ ዝተገብረ ምምሕያሻት

ሓድሽ ናይ ባርቢኪው (ኣገባብ መጥበሲ) ከምኡ ድማ ኮፍ መበሊ ቦታ

ካብ ኣየር ዝተሳእለ ምስሊ ቀጽሪ ሰሜን ሜልበርን

ሆምስ ቪክቶርያ ነቶም ባህላዊያን ወነንቲን ዓቀብቲን ናይቲ እንሰርሓሉ መሬት ኣፍልጦ ይህብ፣ ከምኡውን ንዕኦም ንዘለዉን ዝመጹን ሽማግለታቶምን ብኣኽብሮት ይበጽሕ/ይዛረብ።



ኣብ ጎደና ኣብትስፎርድ፣ ሰሜን ሜልበርን ሓደሽቲ ማሕበራዊ ኣባይቲ

# ብዛዕባ ናይ North Melbourne ቦታታት ምግዓዝ እዋናዊ ሓበሬታ

- ኣብ ጎደና 33 አልፍሬድ ዝነብሩ መብዛሕቲኦም ተኻረይቲ ኣብ መስከረም ንክግዕዙ ትፅቢት ኣሎ።
- ዝተረፉ ስድራ ቤታት ንክግዕዙ ዝግበር ደገፍ ይቕጽል ኣሎ።

## ንዓኹም ክንሕግዝ ኣብዚ ኣሎና

ንዑ እሞ ንጉጅለና ኣዘራርብዎ

**ናብ ካልእ ቦታ ንምግዓዝ ደገፍ ንምርካብ ምጹ፥ ካብ ሰዓት 10 ቅ.ቀ- ሰዓት 4 ድ.ቀ**
**ሰሉስን ሓሙስን**

ማእከል ምግዓዝ
33 Alfred Street
North Melbourne



## ናይ ምግዓዝ ሰሌዳ ግዜ

**33 Alfred Street**

ኣብዚ ኢና ዘለና

ምዝዛም ናብ ካልእ ቦታ ምግዓዝ

**መስከረም 24** – ጥቅምቲ 24 – ሕዳር 24 – ታሕሳስ 24 – ጥሪ 25 – ለካቲት 25 – መጋቢት 25 – ሚያዝያ 25 – ግንቦት 25 – ሰነ 25 – ሓምለ 25 – ነሓሰ 25 – **መስከረም 25**

## ርክብኩም አይተቋርጹ


ኣኼባታት ሓበሬታ

ኣብ ኣኼባ/ምይይጥ ዝተዋህበ ርእይቶ

እዋናዊ ሓበሬታ ንምርካብ ተመዝገብ

ተሳትፎኹም ንምቕጻል ኣብዚ ብጽሑ፥

homes.vic.gov.au/north-melbourne-precinct



ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ጉዳያት ምንዳይ ስዓቡና **Homes Victoria/ሆምስ ቪክቶሪያ**

ብመንግስቲ ቪክቶርያ ዝተፈቕደን ዝተሓትመን፡ 1 Treasury Place, Melbourne.
© State of Victoria፣ ሆምስ ቪክቶርያ፣ ሓምለ 2025። (HV016725)።
ሕትመት ብፊንስበሪ ግሪን (Finsbury Green), Melbourne Victoria, 3000።

More Homes For Victorians

VICTORIA State Government

# ቅድሚ ምፍራስ ናይ ዘሎ ስራሕቲ ሰሌዳ ግዜ

33 Alfred Street

**ነሓሰ 2025**

**1. ዝያዳ ምፍላጥን ነገራት ድሕንነት ዘለዎም ምግባርን**

- ባዶ ኣፓርታማታት ምዕቃብ
- ናይ ናውቲ/ኣቓሑ ድሕነት ንምቍጽጻር እቲ ቦታን ህንጻታትን ምምርማር
- ልሙድ ጽገና ምቕጻል

**መወዳእታ 2025**


**2. ምድላው**

- ድሕንነት ንምሕላው ነቲ ቦታ ምድላውን ምልክት ምግባርን
- ንኣገልግሎት ምትእስሳር (መስመራት ምስ መሳርሒ ምትእስሳር) ምርግጋጽ
- ንኣጋር፣ ንማካይንን ንመቐም ማኪናን ብደሓን ዝኣትውሉ መገዲ ምፍጣር
- መቐምያ ምድላውን ኣብ ውሽጢ ህንጻታት ምስራሕን

**መጀመርታ 2026**

**3. ምፍራስ**

- ምሉእ መቐምያ
- ናይ ውሽጢ መላገቢ ትቦታት (ጥብቆታት) ምልጋስ
- ብጥንቃቐ በብደረጃታት ነቲ ህንጻ ምፍራስ
- ስሩዕ እዋናዊ ሓበሬታ ንማሕበረሰብ




## ኣብዚ እዋን እዚ ተኻረይቲ ይግዕዙ ኣለዉ

33 Alfred Street

**ናብ ካልእ ቦታ ንምግዓዝ ደገፍ ንምርካብ ምጹ፥**

**ካብ ሰዓት 10 ቅ.ቀ- ሰዓት 4 ድ.ቀ**
**ሰሉስን ሓሙስን**

ማእከል ምግዓዝ
33 Alfred Street
North Melbourne

**ስራሕቲ**

- ኣብ ውሽጢ ባዶ ኣፓርታማታት ዝግበር መርመራታት
- ባዶ ዝኾኑ ኣፓርታማታት ምዕቃብን ድሕንነት ዘለዎም ምግባርን
- ካብ ዝተወሰነ ባዶ ኣፓርታማታትን ኮሪደርን ካብ ወጻኢ እቲ ህንጻን ሒደት ናይ ናውቲ/ኣቑሑ መርኣያ ምውሳድ

**ናይ መጻኢ ዳግመ ምዕባለ**

ኀደና 159 ሜልሮስ

**ናይ መጻኢ ዳግመ ምዕባለ**

ኀደና 12 ሳተን

ነቲ ናይ ቀደም ናይ መጥፍኢ ሓዊ መሳርሒታት ብምትካእ ከምኡውን ነቲ ኣብ ሓባራዊ ቦታታት ዘሎ ገሊኡ ናሕሲ ብምምሕያሽ ወይ ብምትካእ ኣብ ድሕንነት ባርዕ ምምሕያሻት ተገይሩ ኢዩ።

## ኣብ ዙርያ እቲ ከባቢ

- ተኹናተርትን ሰበ-ስልጣንን ብእግሮም እንዳኸዱ ንኽምርምሩን ኣብ ዝተፈላለየ መዓልትታት ይመጹ
- ንኣገልግሎት ምትእስሳር (መስመራት ምስ መሳርሒ ምትእስሳር) ምርግጋጽ
- ኣብ መጻኢ ብዛዕባ ድሕንነት ዶባት እቲ ቦታ ዝግበር ናይ መሬት ዳህሳስ

**ኀደና 9 ፓምፓስ**

ነቲ መረባ (ኣጸድ) ሓድሽ ማተኔላ (ኮብልስቶን) ምንጻፍ፣ ኮፍ መበሊ፣ መብራህቲ፣ ባርቢኪው (ኣገባብ መጥበሲ)፣ ከምኡውን ጽላል ዘለዎ ጋንጽላ ብምትዕርራይ ምምሕያሻት ምግባር

ነሓሰ/መስከረም 2025

# ኣብ ኖርዝ ሜልበርን ዝስዕብ ስራሓትን ፍጻመታትን

ኲሉ ዕዮታት በቲ ዝለዓለ ናይ ድሕንነት መዐቀኒታትን ሕጋዊ ብቕዓታትን እዩ ዝፍጸም።

**እዚ ዝሰዕብ ከተስተብህሉ ትኽእሉ ኢኹም፥**

- ኣብቲ ቦታ ዘለዎ ሰባት ዝረአ ኣንጸባራቒ ናይ ድሕነት ክዳውንቲ ተኸዲኖም
- ኣብ ውሽጢ ገሊኡ ባዶ ኣፓርታማታትን ኮሪደርን ንሓጺር እዋን ብርቱዕ ድምጺ ፍሕረት ክህሉ'ዩ
- እቲ ባዶ ኣፓርታማታት ክምርመርን ክዕቀብን ከሎ ዝወጽእ ትሑት መጠን ድምጺ

**ህንጻታት ሰብ ኣብ ዝህልወሉ እዋን ናይ ምፍራስ ስራሕቲ ኣይክህሉን ኢዩ።**

ኣብ ከተማ ሜልበርን ልሙዳት ናይ ስራሕ ሰዓታት እዚኦም ዝስዕቡ ኢዮም፥

**ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ**
ካብ ሰዓት 7 ቅድሚ ቀትሪ ክሳዕ ሰዓት 7 ድሕሪ ቀትሪ

**ቀዳም**
ካብ ሰዓት 9 ቅድሚ ቀትሪ ክሳዕ ሰዓት 3 ድሕሪ ቀትሪ

ሓደሓደ ግዜ ካብዚ ሰዓታት ወጻኢ ንክትሰርሕ ናይ ቤት ምኽሪ ፍቓድ የድሊ እዩ፣ ይኹን እንበር ከምዚ እንተኣጋጢሙ ነቶም ተቐማጦ ከነፍልጦም ኢና።

?

ንዝያዳ ሓበሬታ ዋላ ብቋንቋኹም ሓበሬታ ዘጠቓልል ኣብ፥

**homes.vic.gov.au/precincts/flemington-precinct**